kanton glarus

**Opferberatungsstelle des Kantons Glarus**
Bahnhofstrasse 13
8762 Schwanden

Telefon: 055 646 67 36
E-Mail: opferberatung@gl.ch
www.gl.ch

opferhilfe-schweiz.ch
aiuto-alle-vittime.ch
aide-aux-victimes.ch

# ሓበሬታ ብዛዕባ ቃለመጠይቕ ኣብ እዋን መስርሕ መርመራ ገበን

ኣብ ፖሊስ ክሲ ምስተቕርቡ: እቲ ጸብጻብ (መዝገብ ናይቲ ዝተኻየደ ቀለመጠይቕ) ናብ ኣኽባሪ ሕጊ ይመሓላለፍ:: በኽባሪ ሕጊ እንደገና ቃለመጠይቕ ይግበረልኩም: ኣድላይ ምስዝኸውን ድማ ጸኒሕኩም ኣብ ቤትፍርዲ ትሕተቱ:: እዚ ዝስዕብ ሓበሬታታት ነዚ ንምድላው ይሕግዘኩም::

## ሓፈሻዊ ሓበሬታታት

- ቆጸራ ናይ ቃለመጠይቕ እንድሕር መጽዩኩም ኣብቲ ቆጸራ ኽትረከቡ ትግደዱ ኢኹም:: ዕለት ቆጸራ ክትቅይርዎ ምስትግደዱ ብቁጽሪ ተሌፎን 055 646 69 20 ደዊልኩም ክትሕብሩ ኣለኩም::

- ዝቐርበኩም ወይ ትኣምንዎ ሰብ ናብ ቀለመጠይቕ ከሰንየኩም ምስተደልዩ ኣቐዲምኩም ንቤትጽሕፈት ኣኽባሪ ሕጊ ክትሕብሩ ኣለኩም (መንነት ወረቐት ምምላእ ኣገዳሲ እዩ):: እቲ መጸዋዕታ ምስ መጸኩም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም: እንተድንጒኹም ክልተ ክሳብ ሰለስተ መዓልቲ (ናይ ስራሕ መዓልታት) ቅድሚ እቲ ናይ ቃለመጠይቕ ቆጸራ ዘሰንየኩም ሰብ ሒዝኩም ክትመጹ ከምዝኾንኩምን ስም ናይቲ ሰብን ሓብሩ::

- እቲ ተኸሲሱ ዘሎ ሰብ ኣብቲ ትሕተቱሉ ክፍሊ ኮይኑ ክሳተፍ ምስዘይትደልዩ (ምስኡ ኣብ ሓደ ክፍሊ ምዃን ምስዘይትደልዩ) ቅድሚ እቲ ቆጸራ ናይ ቃለመጠይቕ ንቤትጽሕፈት ኣኽባሪ ሕጊ ሓብሩ:: ሽዑ ዝኾነ ፍታሕ ክግበር እዩ::

## መስርሕ

- ግዜኹም ኣኽቢርኩም ኣብቲ መቐበሊ ክፍሊ ናይ ቤትጽሕፈት ኣኽባሪ ሕጊ ምጹ:: መንነት ወረቐትኩም ኣርእዩ::
- እቲ ቃለመጠይቕ ክጅምር ከሎ ምስ ኩሉም ተሳተፍቲ ከላልዩኹም እዮም::
- መጀመርታ መሰልኩምን ግዴታኹምን ክትሕበሩ ኢኹም::

- ግዜ ውሲድኩም ክሉ ሕቶታት ብልክዕ መልሱ::

- ሕቶ ምስዘይርድአኩም ብግልጺ ኣይተረድአንን ኢልኩም ንገሩ:: ነቲ መልሲ ክትሓስቡሉ እንተደልየኩም ወይ መልሲ ዘይትፈልጥዎ እንተኼንኩም ብዘይ ስክፍታ ንገሩ:: ዘርዚርኩም ንኽትገልጹ ኣይትፍርሑ::

- እቲ ጉዳይ ብዛዕባ ኣብ ሞንጎ መጻምድቲ ዘጓነፈ ዓመጽ እንተኾይኑ: ደስ ዘይብሉ ሕቶታት ክቐርቡ ይኽእሉ:: እቶም ሕቶታት ምስቲ ጉዳይ ዝተኣሳሰሩ እንተኾይኖም ክትምልስዎም ፈትኑ:: ምስቲ ጉዳይ ዘይተኣሳሰሩ እንተኾይኖም ግን (ነኣብነት «ንሰብኣይኪ ዘይእምንቲ ኳንኪ ትፈልጢ ዶ፧» ዝብል ሕቶ) ክትምልሱ ኣይትግደዱን ኢኹም::

20. Juli 2020

- ኣኽባሪ ሕጊ ነቲ ከይዲ ናይቲ ግፍዒ ኣጸቢቑ ንኽጽሪ፡ ኣቐዲሙ ዝሓተቶ ሕቶታት ደጊሙ ክሓትት ይኽእል እዩ:: እንተኾነ ግን ጸቕጢ ክገብረልኩም ኢሉ ኣይኮነን::

- ኣብ ዝኾነ እዋን ዕረፍቲ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም::

- ኣኽባሪ ሕጊ ሕቶታቱ ሓቲቱ ምስወድአ ጠበቓኹም ወይ ጠበቓ ናይቲ ዝተኸሰሰ ሰብ ሕቶታቶም ከቕርቡ ይኽእሉ::

- ኣብ መወዳእታ ነቲ መዝገብ ናይቲ ቃለመጠይቕ ክንተብብዎን ገጽ ብገጽ ክትፍርምዎን ኣለኩም:: ከምቲ ዝበልኩሞ እንተዘይተጻሒፉ ቀልጢፍኩም ሓብሩ:: ኣብቲ መዝገብ ብናይ ኢድ ጽሕፈት መአረምታ ክግበር ይኽእል እዩ::

**ምኽርታት**

- ፍኹስ ዝበለ ደስ ዝብለኩም ክዳን ተኸደኑ:: እንተኾነ ግን ጽፉፍን ምስቲ ኩነታት ዝኽይድን ክዳን ክኸውን ይግባእ::

- ዝስተ ተማልኡ (ናይ ፕላስቲክ ጥርሙዝ PET):: ኣድላዪ እንተኾይኑውን ናይ ወይኒ ሽኮር (Traubenzucker) ወይ ንኢሽተይ ማሳጅ ዝገብር ኩዕሶ (ዝሕሰ) ተማልኡ::

- ድሕሪ እቲ ቃለመጠይቕ በይንኹም ወይ ምስቲ ዘሰነየኩም ሰብ ክተዕርፉሉ ትኽእሉ ናይ ዕረፍቲ እዋን መድቡ:: ከምኡውን ድሕሪ እቲ ቃለመጠይቕ ምስ ሰራሕተኛ ናይ መኻሪ ቤትጽሕፈትኩም ክትራኸቡ ትኽእሉ (ኣቐዲምኩም ቆጸራ ሓዙ)::

ነፍስወከፍ ቃለመጠይቕ ዝተፈልየ እዩ:: ቃለመጠይቕ ናይ ግድን ኩልግዜ ብመደብ ዝተሰርዑ ሕቶታት ክካየድ ማለት ኣይኮነን:: ስለዚ ከይዲ ቃለመጠይቕ ካብዚ ኣብዚ ጽሑፍ ዝተገለጸ ከይዲ ክፍለ ይኽእል እዩ:: ጽቡቕ ክኸደልኩም ንምነየልኩም!

ነዚ ናይ ሓበሬታ ሰነድ ንምጽሓፍ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ቤትጽሕፈት ምኽሪ ደቂኣንስትዮ ኣብ ሓዳርን ኣብ ዝምድናን (BIF) ዝርከቡ ንመስርሕ መርመራ ገበን ዝምልከቱ ሓጋዊ ሓበሬታታት ከም መሰረት ኣገልጊሎም::